ፍሉይ ሕታም

# ብድሆ

## ሰላዊ ልሳን
## ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር

“ብድሆ” ዝብል ቃል፡ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ስፍራ ዘለዎ ስያመ’ዩ። ሰንሰለታዊ ወለዶታት ኤርትራ ንሓራን ልዕላውን ፖለቲካዊ ውሳኔኦም ንምዕቋብን ንምውሓስን፡ ንኩሉ መልክዓት ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይልታት ብምንጻግ፡ ኣብ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን መስርዕ ቃልሲ ተሰሊፎም ብመስዋእትን ስንክልናን ዝተነደቐ መግለጺ ኤርትራዊ መኸተ ትእምርትን ጽንዓትን’ዩ። ሞሳ ሰማእታትና፡ ህያው ታሪኻዊ ቅርሲ ሰውራና፣ ሚስጢር ህላወና፣ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ ረዚን ዕላማ ዝሓቖፈ፣ ትርጉም ሃገራውነትና ዝግለጸሉ ንሰፊሕን ዓሚቕን ኣምር ዘውክል ውርሻ ቃልስና ዝገልጽ ቃል’ዩ “ብድሆ” ማለት።

ሕጂ’ውን ረዚን ትርጉሙ ኣብ’ዚ ህልዊ መድረኽ’ዚ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ይኽተት!! ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ክሳብ ቶታሊታሪያዊ /ገባቲ/ ስርዓት ህግደፍ ተወጊዱ መተካእትኡ ብህዝበ-ውሳኔ ዝምእዘዝ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ዝህነጽ በቲ ዝቐደመ ብድሆ ዝሕላገቱ ዘይጸዓድ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ክቅጽል ግድን ምኻኑ ይገልጽ።

**ጥቅምቲ** 2011

# ትሕዝቶ


- **ርእሰ-ዓንቀጽ**
  ብድሆ!!
- **ቃለ- መሕትት**
  ምስ ኣቦ-መንበር ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ብጻይ ዮውሃንስ ኣስመላሽ
- **መትከላዊ መርሆታትና**


E-mail:- edf4eritrea@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ብድሆ

“ብድሆ” ዝብል ቃል፡ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ስፍራ ዘለዎ ስያመ’ዩ። ሰንሰለታዊ ወለዶታት ኤርትራ ንሓራን ልዑላውን ፖሎቲካዊ ውሳኔኦም ንምዕቋብን ንምውሓስን፡ ንኩሉ መልክዓት ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይልታት ብምንጻግ፡ ኣብ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን መስርዕ ቃልሲ ተሰሊፎም ብመስዋእትን ስንክልናን ዝተነደቐ መግለጺ ኤርትራዊ መኸተ ትእምርትን ጽንዓትን’ዩ። ሞሳ ሰማእታትና፡ ህያው ታሪኻዊ ቅርሲ ሰውራና፣ ሚስጢር ህላወና፣ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ ረዚን ዕላማ ዝሓቖፈ፣ ትርጉም ሃገራውነትና ዝግለጸሉ ንሰፊሕን ዓሚቕን ኣምር ዝውክል ውርሻ ቃልስና ዝገልጽ ቃል’ዩ “ብድሆ” ማለት።

ዝሓለፈ ወለዶ፡ ኣብ’ቲ ብውዲት ግዳማውያን ሓይልታት ዝተጠጀአ፡ ንፍትሓውን ደሞክራሲያውን ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ብምጉሳይ፡ ንኤርትራ ካብ ካርታ ምድሪ-ገጽ ንምሕካኽ ዝተዓለመ ሸርሕታት ንምዕዋት፡ ሃገራዊ ሓድነቶም ንምጉዝዛይ ዝተሃንደሰ መርዛም ስልቲ ብምብርዓን፡ ሓንትን ልዕላዊትን ኤርትራ ንምውሓስ ከቢድ ዋጋ ከፊሎም’ዮም። እዚ ሓርበኛዊ ገድላዊ ታሪኽ ቀዳሞት፡ ንኤርትራን ህዝባን ዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ’ዩ። እቲ ንውሽጣዊ ኤርትራዊ ሃገራዊ መሳርዕ ንምዝራግ፡ መስፍናዊ ስርዓት ሃ/ስላሴ ዝተኸተሎ ውዲታት በዲሁ ክሳብ ኣብ ዓለም-ለኻዊ መጋባእያ ዝቐረበን፡ ንስለ ነጻነት ዝሞገተ ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልስና፡ መቐድም ናይቲ ንኩሉ መልክዓት ወጽዓ ዘይጸዓድ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን’ዩ። እቶም ብትዕቢትን ትምክሕትን ዝዓወሩ ንኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን ዘይተረድኡ፡ ክሳብ’ውን ብግዜ ዝቕህም ቁጠዐ ጌሮም ዝገመትዎን ዘስተናዕቕዎን፡ ባርዕ ሰውራ ወሊዱ ክቕጽል’ምበር ክርዕም ኣይተራእየን። እዚ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ’ዚ ኣይፋል ዝበለ ንብድሆ ዘድመጸ ታሪኽ ተጋድሎ’ዩ።

ብምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ዝተሰናበዱ፡ ስውራዊ ቁጠዕኡ ኣብ ውሽጢ ከስዖም ኣቲዩ ክልብልቦም ምስ ጀመረ፡ ልዕለ ሓያላን ብቐጥታ ኢዶም ዝሓወሱሉ፡ ንፍትሓዊ ቃልስታቱ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጭፍላቕ ዝዓለመ ካልእ ታሪኻዊ ጌጋ ክፍጽሙ ተገዲዶም። ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን በዚ’ውን ኣይተጻዕደን። ካብ ሓደ ወለዶ ናብቲ ቀጻሊ ወለዶ እናተሰጋገረ ብድሆ ብምባል ክሳብ’ታ ፍጻመ ኣኽሊል ሓርነቶም ዝዓትሩ፡ ብዘኹርዕን ዘሕብንን ተጋድሎ ሓድሽ ታሪኽ ምዕራፍ ክጽሕፉ ኮይኖም’ዮም። በዚ ድማ ህላወ ተኸታታሊ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይሊ ኣብ ኤርትራ ኣኽቲሙ፡ ታሪኻዊ ስርዓት-ቀብሩ ተፈጺሙ።

ድሕሪ’ዚ ወርቃዊ ቃልስን ታሪኻዊ ዓወት ዝበሰረ መድረኽን፡ ባህጊ ህዝብታትና ዘዕቈብ፣ መብጽዓታት ሰማእታትና ዘውሕስ፣ መሰረታዊ ዕላማታት ሰውራና ዘተግብር፣ ኣብ ትሕቲ ወሳንነት ህዝብታትና ዝርዕም፣ ኤርትራዊ ልዕላዊ ስልጣን ንምድኳን ዝነበረ ልዑል ድሌት ኣይተዓወተን። እቲ ምኽንያት ድማ ኣብ ውሽጢ ሰውራና ተወሊዱ ኣብ ሕቑፊ ህዝብታት ኤርትራ እናተረረወ ዝገበለ ቶታሊታርያዊ ጉጅለ ስርዓት ኢሳይያስ ንመኽሰባት ሰውራና ጨዊዩ፡ ኩሉ ነገራውን መንፈሳውን ጸጋታት ሃገርና ንጉጅላዊ ረብሕኡ ብምውዓል፡ ንታሪኽን ጅግንነትን ህዝብና ኣብ ምብላል ይርከብ ኣሎ። ልዕሊ’ዚ ከኣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ እዋን ናብ እዋን ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ተሳጢሖም፡ ህልውንኦም ህጹጽ ፍታሕ ዘድልዮ መድረኻዊ ሕቶ ኮይኑ’ሎ። ህልዊ መድረኽ በቲ ዝቐደመ ብድሆ ዝሕላገቱ ዘይጸዓድ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልሲ ክሳብ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ተወጊዱ መተካእትኡ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ዝህነጽ ክቕጽል ግድን’ዩ።

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/፡ ነዚ ዝደናደን ዘሎ ሓደጋ ንምዕጻፍን መኽሰባት ሰውራና ንምዕቋብን፡ ኩሉ ዓቕምታቱ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ቀዳምነታት ዝሰርዕ ኣብ መድረኻዊ ስትራተጂካዊ ዕማም ብምጽማድ፡ ታሪኻዊ ገድላዊ ኣበርክቱኡ ንምዕዛዝ፡ ኣብ መስርዕ’ቲ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ትርጉም ዘለዎ ኣበርክቶ ንምግባር ብድሆ ብምባል ዝተሰለፈ ሓይሊ ለውጢ’ዩ። እዚ ግንባር’ዚ፡ ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ዘመዝገቦም ናይ ኣተሓሳስባን ተግባርን ዝላታት፡ ኣብ ዝሰፈሐ መሓውራቱ ክዓኹክ፡ ከም ግንባር ተግባራዊ መምርሒታቱ ኮይኖም ግብራዊ መሳርሒ ቃልሲ ንምኻን ክበቅዕ ኣንጻር ገባቲ ስርዓት ህግደፍን ጸኒሓዊ ድሑራት ማሕለኻታትን ብድሆ ብምባል ዝተበገሰ ሓይሊ’ዩ። ዕላዊ ልሳን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር እምበኣር፡ ብመንፈስን ትሕዝቶን ነዚ ረዚን ታሪኻውን መድረኻውን ኣምራት ኣጣሚሩ ንምዕዋቱ ብጽንዓት ተቓሊሱ ዘቓልስን መሳርሒ ቃልስና ብድሆ!! ክኸውን’ዩ።

**ብድሆ**፦ ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ብ/የውሃንስ ኣስመላሽ፡ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት መብርሂታት ክትህበና ንዘቕረብናልካ ጠለብ፡ ሓንጎፋይ ብምባል ስለዝተቐበልካና ልዑል ምስጋናና ይብጻሕካ።



**ብጻይ ዮውሃንስ ኣስመላሽ፦** ብዝገበርኩምለይ ዕድመ ብጣዕሚ ኣመስግን፡ ኣብ ስራሓትኩም’ውን ኣሳልጦ እምነ።

**ብድሆ**፦ ሕቶና ምስ ጽንብል ወርቃዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ባሕቲ መስከረም 2011 ኣተሓሒዝና ክንጅምሮ ኢና መሪጽና። ቅድሚ 50 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክጅመር እንከሎ፡ ዝተሓንገጦም መሰረታዊ ዕላማታቱን ህልዊ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ብምንጽጻር ክትገልጸልና’ዶ ምኽኣልካ?

**ብ/ ዮውሃንስ ኣስመላሽ፦** ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ ሓሙሳ ዓመታት ብመሪሕነት ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር ከሎ፡ ካብቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተጻዕነ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዓመጽን ጭቆናን ክላቐቕን ጎይታ ሃገሩ ክኸውንን እፎይ ኢሉ ክነብረላ ዝኽእል ሰላም፣ ራህዋን ብልጽግናን ዝሰፈና ሃገር ክትህልዎ ብዝነበሮ ምሉእ ዘይጉድል ባህግታትን ተወፋይነትን’ዩ ኔይሩ። ቅድሚ ዕስራ ዓመት ከኣ ህዝብና ሃገራዊ ነጻነቱ ኣረጋጊጹ። ብርግጽ እዚ ንድሕሪት ክምለስ ዘይኽእል ኣገዳሲ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ’ዩ።

እንተ’ቲ ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ብዝምልከት ግን ሎሚ ካብቲ ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበረ ዝኸፍአ ኩነታት ኣጋጢምዎ ኣሎ። ሎሚ መንግስቲ ናይ ህዝቢ ምኳኑ ተሪፉ ህዝቢ ናይ መንግስቲ ኮይኑ’ሎ። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ካብ ዘሎ ህዝብና  ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘሎ እንስሳ ዝያዳ መሰሉ ዝሕለወሉ ኩነታት ንርኢ ኣለና። እቲ መዘና ዘይብሉ መስዋእትን ጅግንነትን ዝኸፈለ ህዝብና ኣብ ዓለም መወዳድርቲ ዘይብሉ ውርደትን በደልን ኣብ ልዕሊኡ ይፍጸም ኣሎ። መበገሲ ባሕቲ መስከረም ይኹን ባህግታት ህዝብና ፍጹም እዚ ኣይነበረን።

**ብድሆ**፦ ብርግጽ ዕላማታት ሰውራና ተጨው’ዩ። ኣብታ ብእልፊ-ኣእላፍ መስዋእቲ ደቃ ሓራ ዝወጸት ውልዶ ሃገር፡ ካብ ትጽቢትን ባህግን ህዝብና ወጻኢ ታሪኽ ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝደግም ጨካን ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ተደኺኑ፡ ኤርትራ ተስፋ ኣፍሪቃ ዝተቐብረላ ሃገር፣ ዓባይ ቤት-ማእሰርቲ ምድራዊት ሲኦል ዜጋታታን……..ወዘተ ዝብል ቅጽል ኣስማት ተዋሂቡዋ’ሎ። ውጽኢቱ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሖም ምህላዎም ይግልጽ ኣሎ። ንምኳኑ ፖሎቲካዊ መግለጺታት ናይዚ ህልው ኩነታት ኤርትራ እንታይ’ዩ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፦** ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ካብ’ቲ ዝበልካዮ ንላዕሊ ፖሎቲካዊ መግለጺታት ክረኽበሉ ዝኽእል ኣይመስለንን። ብጥቕልሉ ናይዚ ኩሉ ዕንወት’ዚ እንኮ ተሓታቲ እቲ ልዕላውነትን ወሳንነትን ህዝቢ ረጊጹ ኩሉ መዳያዊ ተስፋታቱን ባህግታቱን ዘጸልመተ፡ ብኢደ ወነኑ በትረ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝጨበጠ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ’ዩ። እዚ ስርዓት’ዚ ፖሎቲካዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ ዕለት ኣትሒዙ ንሃይማኖታውን ብሄራውን ባህላውን መለለዪ ወይ ፍሉይነታት ሃገርና ይኹን ሕድሪ ሰማእታትና ጠሊሙ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ኩሉ መዳያዊ በደላትን ግህሰታትን ይፍጽም ኣሎ። ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ኤርትራ ብሄራውን ሃይማኖታውን ባህላውን ግህሰታት ሳዕሪሩ፡ እቲ ብመስርሕ ብረታዊ ቃልሲ ዝሰጠመ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ክልሕልሕ ኮይኑ ኣሎ። መንእሰያት ኤርትራ በቲ ኣቲኻ ዘይትወጸሉ ባርነታዊ ኣገልግሎት ተጸሚዶም መጻኢ ዕድሎም ጸልሚቱ ሃጽ ኢሎም ክጠፍኡ ይግደዱ ኣለዉ። ወለዲ ጠዋሪ ይኹን ቀባሪ ዝሰኣንሉ ኩነታት ነጊሱ ኣሎ።

**ብድሆ**፦ ናይ’ዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝበጽሕ ዘሎ ኩሉመዳያዊ ወጽዓታት ተሓታቲኡ መን’ዩ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ወጽዓታትን ግህሰታትን ብቀንዱ ተሓታቲ እቲ ውልቀ መላኺ ኢሳይያስን ገባቲ ስርዓቱን ጥራይ ኢዮም። ኣብዚ ህሞት'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካኡ ካልእ ጸላኢ የብሉን።

**ብድሆ፡-** ሓይሊ ተቓውሞ ነዚ ህልዊ ኩነታት ንምዕጻፍ ዘካይዶ ዘሎ መኸተ ብመንጽር'ዚ ስርዓት ከመይ ትግምግሞ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ደንበ ተቓውሞ ገና'ኳ ብዙሕ ዝጽበዮ ነገር እንተሎ፡ ኣረኣእይኡ ኣብ ምንጻር ብፍላይ ከኣ ብቀደም ተኸተል ስትራተጂን ኣሰላልፋ ሓይልታት (ፈታውን ጸላእን) ሎሚ ናብ ዝሓሸ ኩነታት ተሰጋጊሩ ኣሎ ክበሃል ይኽኣል። ንሓባራዊ ጸላኢ ንጎኒ ብምግዳፍ ሕድሕድ ክንጸላለምን ክንናቖትን ንጸገማት ህዝብና ብምንዋሕ ንስርዓት ህግደፍ ምሉእ ዕረፍቲ ሂብናዮ ምጽናሕና ዝኸሓድ ኣይኮነን። ብመንፈዓቱ ጸብለል ኢሉ ክረአ ዝተጸገመ ውድብ እቲ ክኸተሎ ዝጸንሐ ዝቐለለ ሜላ ንካልኦት ውድባት ብምጽላም፡ ንሱ ከኣ ዕብየት ዘረጋግጽ ከመስሎ'ዩ ጸኒሑ። እዚ ዓዲ ዘየእቱ ጉጉይ ኣተሓሳስባን ስነ-ምግባርን'ዚ መሊኡ ተቐሪፉ'ዩ ክብል እኳ እንተዘይደፈርኩ እናዋሓደ ይኸይድ ምህላው ይግንዘብ። ሓባራዊ ስራሕ እናተለምደ ይመጽእ ምህላው ኣውንታዊ ምዕባሌን ስጉምትን'ዩ። እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ክጋባእ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሞራል ህዝብን ተቓለስቲ ሓይልታቱን ክብ ኣቢሉ ዕድመ ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምሕጻር ኣገዳሲ ሓባራዊ ስትራተጅን ኣወዳድባን ሓንጺጹ ክወጽእ ተስፋ እገብር።

**ብድሆ፡-** ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዳርጋ መብዛሕቶም መራሕቲ ውድባት ዝተሳተፉዎ ታሪኻዊ ሰሚናር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጋቢኡ ኔሩ። ናይ'ዚ መቐጸልታ ዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተሳተፍዎ ተመሳሳሊ መድረኽ ይካየድ ኣሎ። ዕላምኡ እንታይ'ዩ? ኣብ'ዚ ሰሚናር'ዚ ዝተመዝገበ ፖለቲካዊ መኽሰብን ሓባራዊ ሚዛንን ኣሎ'ዶ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብቲ ካብ 17-22 ነሓሰ 2011 ዝተኻየደ ሰሚናር መራሕቲ ውድባት ክኻፈል ዕድል ረኺበ'የ። ዕላማ ናይቲ ሰሚናር መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ህልዊ ኩነታት ደንበ ተቓውሞን ደንበ ጸላእን ሓባራዊ ሚዛን ብምቕማጥ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ነቲ ንህዝብና ብጎረርኡ ሓኒቑ ትንፋስ ከሊእዎ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምእላይ፤ መተካእትኡ ወሳንነት ህዝቢ ዝኣምንን ዘረጋግጽን መሰጋገሪ መንግስቲ ንምምስራት ዝዓለመ፡ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያ ንምጭባጥን ንትግባሪኡ ብሓባር ንምንቅስቓስን ነይሩ። ዝርዝር ናይቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ከኣ፡-

1- እቲ ንኤርትራ ንጥፍኣት ገጹ ዝዳርጋ ዘሎ ቶታሊታርያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ፡ እንኮ ተሓታቲ ምዃኑ ምእማን።
2- ኤርትራ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ባህላዊ.......ወዘተ ፍሉይነታት ዘለዋ ሃገር ምዃና ምእማን።
3- ሽግራት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓድነታ ዝሓለወት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑ ምእማን።
4- ኣብ ወሳንነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን።
5- መፍትሒ ኩሉ ሕድሕድ ሽግራትና ደሞክራሲያዊ መንገዲ ምዃኑ፡ ንዕኡ ከም ቅኑዕ መሳርሕን መቃለስን ጌርካ ምእማን።
6- ትምክሕትን ጸቢብነትን ኩሉ መልክዓት ጥሩፍነትን ምንጻግ።

እቲ ብድሕሪኡ ዝሰዓበ ኣገደስቲ ሃገራውያንን ሞያውያንን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር ከኣ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዝነበሮ'ዩ። ብፍላይ ከኣ ምሁራት ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ክጻወትዎ ዝግባእ ኣገዳሲ ተራ ዝዳህሰሰ'ዩ። እቲ ኣብኡ ዝተጠርየ ፖሎቲካዊ መኽሰብን ሃብትን ከኣ ናይቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ጥራሕ ኮይኑ ከይተርፍን ናብ መላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ክሰፍሕን ዝጽበየና ዘሎ ስራሕ ቀሊል ኣይኮነን። ነዚ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዕማም ብዝግባእ ንምፍጻሙ እንተበቒዕና ከኣ፡ ብርግጽ መጻኢና ብሩህ'ዩ።

**ብድሆ፡-** ሕጂ ናብቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ካብ 23 ክሳብ 26 ነሓሰ 2011 መስራቲ ጉባኤኡ ብዓወት ኣሳሊጡ ብኣዋጅ ዝተበሰረ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ከስግረካ። ሰፊሕ ሓይሊ ተቓውሞ ዝሓቆፈ ሃገራዊ ጽላል እናሃለወ ካልእ ግንባር ምምስራት ንምንታይ ኣድለየ?




**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ኣብ ሓደ ሃገራዊ ጽላል ጥራይ ዓሲልና ብጥሙር ሓይሊ ክንቃለስ ድሌትና መወዳእታ ኣይነበሮን። ግን ከምኡ ንከይኸውን ብዙሕ ምኽንያት ጸኒሑ'ዩ። ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ኣባልነት ውድባት ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዙሕ ተቐባልነት ከይረኸበ ንነዊሕ ዓመታት ተንጠልጢሉ ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ። ሕቶኡ ተቐባልነት ዘይረኸበ ውድብ ምስ ካልኦት ኮይኑ ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ቅኑዕ ክሳብ ዝኾነን ድሌታት ክሳብ ዘሎን ካልእ ምርጫ ምንዳይ ብማንም ዘይንፈግ መሰል'ዩ። እዚ መሰል'ዚ ኣብ ቦትኡ እንከሎ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ጸረ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክንሰርሕ ባህግታት ከም ዘይብልና በዚ ኣጋጣሚ ክገልጽ ይፈቱ። ብኣንጻሩ ኣብ ብዙሕ ሃገራዊ ጉዳያትን ዕማማትን ብምክብባር፡ ብሓባር ክንሰርሕ ብጉባኤ ዝጸደቐ ውሳኔ ምኻኑ እናሓበርኩ፡ ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድልዋት ምህላውና የረጋግጽ።

**ብድሆ፡-** ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር /ኤደግ/ ካብ ተመክሮታት ትምህርቲ ብምውሳድ፡ ዘተኣታተዎ ሓድሽ ኣሰራርሓታት ኣለዎ'ዶ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/ ካብ ሕሉፍን ጉጉይን ተመክሮታት ጉቡእ ትምህርቲ ክሓፍስ ዘይተርፍ ግድነት'ዩ። ውድባት ተገዛእቲ ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ስምምዓትን ውሳኔታትን ምኻኖም ምርግጋጽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብቀዳምነት ንዕማም ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ክምእዘዙ ብዕግበት ዝተቐበሉ'ዮም። ብስም ውድባዊ ነጻነት፡ ንፖሎቲካዊ ውሳኔታትን ዕማማትን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ብካልኣይ ደረጃ ዝሰርዕ ኣሰራርሓ ቅቡል ዝውሰድ ኣይኮነን። ካብዚ ዘሊሉ'ውን ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ሕገ-ህንጻን ብስምምዕ ብድሕሪ ምጽዳቑ፡ ካብኡ ንታሕቲ ንዝርከቡ ውሳኔታት ብኣብዝሓ ድምጺ ዝሓልፈሉ ኩነታት ምህላው ካብቲ ሕሉፍ ተመክሮታት ፍሉይ ይገብሮ። ካብዚ ብተወሳኺ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤደግ ንጡፍን ግብራውን መሳርሒ ቃልሲ ኮይኑ ታሪኻዊ ግቡኣቱ ክፍጽም ዘኽእሎ ሓድነት ኣብ ኣረኣእያን ተግባርን ንምርግጋጽ ከም ቁልፊ ዕማም ዝሰረዕ፤ ኣብ መንጎ ኣባላት ውድባቱ ልዙብ ዘተ፣ ምጽውዋርን ምትዕግጋብን ዝቕበል ግንባር'ዩ። በዚ መንጽር'ዚ ክርአ ከሎ ኤደግ ንሕሉፍ ኣሉታዊ ተመክሮታት ደምበ ተቓውሞ ሰጊሩ፡ ንብሩህ መጻኢ ከማዕድው ኣብ ዘኽእሎ ፖለቲካዊ ብልጫታት ዝተሰረተ ሓባራዊ ግንባር'ዩ።

**ብድሆ፡-** እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኮነ፡ ነዚ ግንባር'ዚ ንምምስራት ዘኽእልዎ ኣብ መንጎ'ቶም ተመሓዘውቲ ውድባት ሓባራዊ ገምጋም ንምሓዝ ዘኽእል ገለ መስርሕ ሓሊፉ'ዩ ዝብል ግምት ክንወስድ ንኽእል'ዶ? ስለዚ ታሪኻዊ ድሕረ ባይትኡን ዝሓለፎም መስርሕን ምገለጽካልና ዶ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ዝምድታት እዚ ኣርባዕተ ውድባት'ዚ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝጀመረ'ዩ። እቲ ዘተ ክጅምር ከሎ ልዕሊ ኣርባዕተ ውድባት ምንባሮም ዝፍልጥ ኮይኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ብፍቓዶም ነዚ መስርሕ ዘቋረጽዎ ውድባት'ውን ኣለዉ። እዚ ኣርባዕተ ውድባት'ዚ ኣብ ህልዊ ኩነታት ኤርትራን መፍትሒኡን ዓሚቕ ሓባራዊ ገምጋምን ዕግበትን እናመዝገበ፤ ሕድሕዱ ብምልላይ፤ ምትእምማንን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ድሌታትን እናጎልበተ ዝመጸሉ መስርሓት ሓሊፉ'ዩ። እዚ ንነዊሕ እዋን ብተኸታታሊ እናተኾስኾሰ ዝመጸ ዝምድናታትናን ኣብ መስርሕ ዘመዝገብናዮም ሓባራዊ እምነታትናን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ከሰጋግረና ኮይኑ'ዩ። ስለዚ ድማ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ግንባር ክጥርንፈና ዝክእል ንድፍታት ፖሎቲካዊ ፕሮግራምን ሕገ-ህንጻን ነዲፍና በብደረጅኡ ክሳብ ኣብ መሰረታት ኣርባዕተ ውድባትና ዕቱብ ምይይጥ ብምክያድ ንምጉልባቱን ንሓባራዊ ግንባርና ኣብ ጽኑዕ መሰረት ንምድኻኑን መደባት

ሓንጺጽና ክንሰርሓሉ ጸንሕና ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣገደስቲ ምምሕያሻት ካብ ኣባላቱ ብድሕሪ ምቕባል ብምሉእ ድምጺ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ክጸድቕ ኮይኑ ኣሎ።

**ብድሆ**፡- ነዚ ክትብሎ ዝጸናሕካ ዝጻረር ሓሳባት ብገለ ሸነኻት ይቀላቐል'ዩ። ምምስራት'ዚ ግንባር'ዚ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ሰሚናር ስዒቡ ዝመጸ ናጤባ ተረኺቦ'ዩ ዝብሉ ሸነኻት ኣለዉ። ካብ'ዚ ብዘይፍለ ካልኦት ወገናት ድማ እዚ ግንባር'ዚ ብግዳማውያን ሓይልታት ዝተደረኸ፡ ጹኑዕ ማሕበረ ወይ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሰረት ዘይብሉ ምትእኽኻብ'ዩ ዝብሉ ኣለው። ነዚ ከመይ ትገልጾ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ**፡- እቶም ከምዚ ዝብሉ ከምኡ ከምዘይምኻኑ ኣጸቢቖም ዝፈልጡ ስለዝኾኑ ንየኦም ንምርዳእ ዝባኸን ግዜ ክህሉ የብሉን። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ንህልዊ ቃልስና ትርጉም ዘይብሉ፡ ብመንፈስ እቲ ኣብ ሰሚናር ዝተበጽሐ ስምምዕ ዘይምእዘዝ ምኻኑ የረጋግጽ። ብዝኾነ እቲ ሓቀኛ ጉዕዞን ኣመጻጽኣን ናይዚ ግንባር'ዚ ልዕል ኢሉ ገሊጸዮ ኣለኹ። ብኣንጻሩ ሰሚናር ኣዲስ ኣበባ ነቲ ቅድሚ ኣዋርሕ ተመደቡ ዝነበረ ቆጸራ ጉባኤና ንሸሞንተ መዓልታት ክናዋሕ ከም ዘገደዶ ኣዓርዮም ይፈልጡ'ዮም። ኣብቲ ሰሚናር ብዙሕ ትምህርትን ሓባራዊ ኣረኣእያን ብምጥራይና፡ ጉባኤና ብኣዝዩ ልሙጽ መንገዲ ክሰላሰልን ምዕቡል ኣተሓሳስባ ከጥርን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ስለ ዝፈጠረልና ከኣ፡ እንቋዕ ከምኡ ኮነ በሃልቲ ኢና።

**ብድሆ**፡- እስኪ ሕጂ ድማ ነቲ ጉዳይ ብካልእ ማእዝን ንርኣዮ፡ መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ቅድሚ ሰሚናር ኣዲስ ኣበባ ዝተተሓዘ መደብ'ዩ ኔይሩ። ኣብ'ቲ ሰሚናር ንቑሕ ተሳተፍቲ ንምኻንን ካብኡ ዝርከብ ኣወንታዊ ነገራት ጸንቒቕና ንምጥቃምን ብምባል ንጉባኤ ክድፋእ ኮይኑ'ዩ። እዚ ውጽኢታዊ ዶ ኔይሩ? ጉባኤ ኣቐዲሙ ዘይረኣዮም ነገራት ትኹረት ክገብረሎም ሓጊዝዎ'ዶ ትብል?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ**፡- ብርግጽ ሓጊዙን ኣውንታዊ ውጽኢትን ነይርዎ። ደንበ ተቓውሞ ኣረኣእያ ክልተ ደንበ ዝሑል ኲናት ክፈታተነና ጸኒሑ'ዩ። እዋናዊ ዝኾኑ ዓበይቲ ጉዳያት ገዲፍና ክልተ ሰለስተ ዓበይቲ መድረኻት ወይ ሸቶታት ሓሊፍካ (ገሊኡ ደቅና ደቂ ደቅና ጥራሕ ዘርክቡሉ) ክሃልኩ ዘለዎም ዛዕባታት ናይ ሕጂ መፈላለዪ ወይ መሰማምዒ ነጥቢ ብምውሳድ ብኡ ደረጃ ክንፋረድ ጸኒሕና ኢና። ብኡ ደረጃ ኣብ ሕድሕድና ግጉይ ፖለቲካዊ ሕላገት እናለጠፍና ክንፋላለ ምጽናሕና ዝፍለጥ'ዩ።

እዚ ዝሓለፈ ሰሚናር ንብዙሕ ድንግርግር ዝብሉ ኣራኣእያታት ከብርህ ብጣዕሚ ሓጊዙ'ዩ። እዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘለና መድረኽ ነቲ ቀዳማይ ሸቶ ንምውቃዕ ዘኽእል መድረኽ ጥራሕ'ዩ። ንቶታሊታርያዊ ጉጅለ ህግደፍ ካብ ሒዝዎ ዘሎ ስልጣን ክእለ ምግባር'ዩ። ካልኣይ ካብኡ ዘይፍለ ሸቶ ድማ ንስርዓት ህግደፍ ብምእላይ ኣብ ወሳንነት ህዝቢ ዝኣምን መሰጋገሪ መንግስቲ ምምስራት'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ነዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ዝቃለስ ዘበለ ኲሉ ገስጋሲ'ዩ። ነዚ ንምዕዋት ዝቃለስ ዘበለ ኲሉ ደሞክራሲያዊ'ዩ። ሕጂ ካብ'ዚ ዝዓቢ ስትራተጅዊ ዕላማን ዕማምን ወይ ምሕዝነት የለን።



**ብድሆ**፡- ከምቲ ብተደጋጋሚ ክግለጽ እንሰምዮ፡ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ካብ ህልዊ ሕጽረታት ሓይልታት ተቓውሞ ትምህርቲ ብምውሳድ፡ ንጡፍን ኣወንታውን ሓይሊ

ለውጢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ግንባር'ዩ። ብርግጽ ንጡፍን ግብራውን ሓይሊ ለውጢ ክኸውን ዘብቕዖ ፖለቲካዊ ረቛሒታት ሒዙ ዲዩ ተበጊሱ? ካብ ሕሉፍ እንፈልጦ ተመክሮታት ዝፈልዩዎ ብልጫታት እንታይ'ዮም? ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተሩ? ሕገ-ህንጻኡ? ፖለቲካዊ ውሳኔታቱ? ኣወዳድብኡ? ወዘተ እንታይ ፍሉይነት ኣለዎ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ፖለቲካዊ ቻርተሩ በቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ዝሃብተመ'ዩ። ሕገ-ህንጻኡ፡ ኣባላት ውድባት ናይዚ ግንባር'ዚ ብውሳኔ ግንባር ተገዛእቲ ምዃኖም የረጋግጽ። ኩሎም ኣባላት ውድባት ግንባር ይኹኑ ብድሕሪ ሕጂ ክጽንበሩ ዝኽእሉ ውድባት ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ኣመራርሓ ናይ'ቲ ግንባር ማዕረ ተሳትፎ ክህልዎም ዝገብር ሕገ ህንጻ ይውንን። ኣብ ውሽጢ ግንባር ዘለዉ ውድባት ክሳብ ምትሕንፋጽ ክስጉሙ ሙሉእ ምትብባዕ ዝገብርን ውክልንኦም በቲ ዝነበሮ ክቕጽልን ዝገብር ኣካይዳ ይኽተል። ኣብ ሓጺር እዋን ክዕመሙ ዝኽእሉ መደባት ሓንጺጹ ብኡ ደረጃ ዝንቀሳቐስን ኣሳልጦኡ ዝግምግምን ኣካይዳ ይኽተል። ብኡ ደረጃ'ውን ግልጽነትን ተሓታትነትን ናይ'ቲ ዝወሃብ ዕማም ብምንጻር ምምቕቓል ስርሓቱ ጌይሩ ተበጊሱ ኣሎ።

**ብድሆ፡-** ብርግጽ ከም'ዚ ትብሎ ዘሎኻ እንተድኣ ኮይኑ ኣመሰራርታ እዚ ግንባር'ዚ፡ ዕድሚኡን ህልውንኡን ምስ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ምዕዋት ብምትእስሳር ንዝገልጽዎ ሸነኻት እንታይ መልሲ ይህልወካ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ጥሙር ሓሳብ ሒዝካ ክትኣትዎ ከለኻ ንኹሉ እቲ ተሳታፊ ዓወትዩ። ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ንምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ ኣውንታዊ ኣስተዋጽኦ ክህልዎ ይክእል'ዩ ምስ ዝበሃል ጥራይ'ዩ ቅኑዕ ዝኸውን። ካብዚ ወጻኢ ዕማም ግንባርና ኣብኡ ዝውዳእ ስለ ዘይኮነ እቲ ኣበሃህላ ጉጉይ'ዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኩሉ ዝሰማምዓሉ ዕላማታትን ሽቶታትን ንምስላጥ ካብቲ ሕጂ ዘለዎ ንላዕሊ በርቲዑ ክሰርሕ'ዩ። ስለዚ ዝመጽእ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መናሃርያና ደኣምበር መዕለቢና ኣይኸውንን።

**ብድሆ፡-** ነዚ ግንባርና'ዚ ክጽንበርዎ ዝደልዩ ሓይልታት ምህላዎም ይንገር'ዩ። ኣፍ ደጊኡ ክሳብ ክንደይ ክፉት'ዩ? ኣባል'ዚ ግንባር ንምዃን ከማልእዎ ዝሕተቱዎ ፍሉይ ረቛሒታት ኣለው'ዶ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሕሉፍ ዝተራእዩ ኣሉታዊ ተሞኩሮታት ከይንደግም ክንጽዕር ኢና። ኣነ ኣብ'ቲ ትገብርዎ ዘለኹም ሓባራዊ ቃልሲ ብክንድ'ቲ ዓቕመይ ክሕግዘኩም እደሊ ኣለኹ ንዝበለ ሓገዝካ ኣይንደልን ኣይበሃልን'ዩ። ግን ከኣ ከም ግንባር መጠን ቀጥዕታት ክህልውዎ ግድን'ዩ። ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ሕገ- ህንጻን ግንባር ብዕግበት ዝተቐበለን፣ ዉዱብ ፖለቲካዊ ሂወት ዘለዎ፣ ስሩዕ መሪሕነታዊ ቅርጻን ኣሰራርሓን ዘለዎ ውድብ ኣባል ግንባር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ሕገ-ህንጻን ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ቀጥዕታትን ከኣ እናሓደረ ዝመሓየሽ ደኣምበር ብደረቑ ዝነብር ኣይኮነን።

**ብድሆ፡-** እዚ ግንባር'ዚ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ሓይልታት ዝምድናታቱ ዝሰርዓሉ መርሆ እንታይ'ዩ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኣብ ሕድሕድ ምክብባር ዝተሰረተ፡ ኣብ ሓባራዊ መደረኻዊ ዕማማት ምስ ዝሰማምዑ ኩሎም ተቓለስቲ ሓይልታት ብዘይምፍልላይ ሓቢሩ ክንሰርሕ ድልው'ዩ። ከም ግንባር መጠን ምስ'ዚ ውድብ'ዚ ክንሰርሕ ኣይንኽእልን ዝብል ጉጉይ ኣጠማምታ የብሉን። ድሕሪ ሕጂ በቲ ከነዓውቶ እንኽእል ሓባራዊ ዕማም ደኣ ንፋረድ እምበር ብስም ውድባትን መራሕቶምን ኣይንፋረድን።

**ብድሆ**፡- መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር፡ ካብ ዝሓንጸጾ መድረኻዊ ቁልፊ ዕማም እቲ ሓደ፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ምዃኑ፡ ኣብቶም ንህዝቢ ዕላዊ ዝኾኑ ሰነዳት ተነጺሩ ኣሎ። ተራ ግንባር ኣብ'ዚ ጉዳይዚ ከመይ ክኸውን'ዩ?

**ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ፡-** ኣርባዕተ ውድባትና ብሓደ ጥርኑፍ ርእይቶ ክኣቱ'ዩ። ስራሕ ጉባኤ ብኡ ደረጃ ተቓሊሉ ኣሎ ማለት'ዩ። ቀንዲ ዕላማና ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ዝሓለፈ ሰሚናር ተቓወምቲ ውድባት ዝተበጽሐ ስምምዓት ኩሉ ኣብ ሰነዳት ጉባኤና ተወሪቑ ንቕየደሉ ሰነድ ኮይኑ ክወጽእ ቀንዲ ከነዐውቶ ዘለና ዕምም ምዃኑ ርኢና ኣለና። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኩሎም እቶም ናይ'ዚ ሓባራዊ ስምምዕ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ውድባት ዕግበቶም ብግብሪ ከረጋግጹ ንጽውዕ።

**ብድሆ**፡- ብ/ዮውሃንስ ኣስመላሽ ኣቦ-መንበር ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ንዝሃብካና ሰፊሕን ዓሚቕን መብርሂታት፡ ልዑል ምስጋናና ደጊምና ብምቕራብ የቐንየልና ክንብል ንፈቱ።

# መትከላዊ መርሆታትና

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኣብ መንጎ ኣባላት ውድባቱ ክሰላሰል ዝጸንሐ ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ዘተኮረ ተኸታታልን ዓሚቕን ፖሎቲካዊ ገምጋም ብዝተጠረየ ሓባራዊ ራእይ ዝተደኮነ ናይ ቃልሲ መሳርሒ'ዩ። ነዚ ግንባርና ኣብ መንጎ ኣባል ውድባቱ ብዘጽዓዮ ሓባራዊ እምነታትን ራእይን ዝምእዘዝ፡ ንምትግባሩ ብዕግበት ዝዋሳእ፡ ግንባራዊ መደባት ገዛኢ ዝኾኑሉ ኣንፈት ዝኽተል፡ ብዓይነቱ ዝተፈለየን ዝማዕበለን ግንባር'ዩ። እዚ ኣብ መንጎ ኣባል ውድባቱ ዝተጠረየ ሓባራዊ እምነታትን ራእይን ምስ'ቲ ግንባራዊ መደባት ተፈጻምነት ክህልዎ ዝሓንጸጾም ኣፈጻጽማ፡ ኣብ ኣወዳድብኡን ቅርጻታቱን ዝተኸተሎ ኣንፈት፡ ብርግጽ ኤደግ ንጡፍ ናይ ለውጢ ሓይሊ ንምዃን ዘብቕዕዎ ዓብይ ዝላ ብምምዝጋብ ዝተመስረሐ ግንባር'ዩ።

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/ ኩሉ ዓቕምታት ደምበ ተቓውሞ ንድሕነት ህዝብ ሃገርን ቀዳምነት ኣብ ዝስራዕ መደረኻዊ ዕማም ተኣማሚኑ፡ ኩሉ ጸዓታቱ ከዋሃህድን ግብራዊ ቅሩብነት ከረጋግጽን ከም ዝግባእ ብምእማን፡ ንነብሱን ውሽጣዊ ዓቕምታቱን ብመንጽር'ዚ መደረኻዊ ዕዮ ዝገረሐ ግንባር'ዩ። መስራቲ ጉባኤ ግንባርና ነዚ መትከላዊ እምነታቱ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ምስ መላእ ደለይቲ ለውጢ ህዝብታትናን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ምዕሩይ ሽርክነት ብምፍጣር፡ ነቲ ብዙሕ ትጽቢት ዝግበረሉ ታሪኻዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ብዝተጠምረ ሓሳብን ግብርን ክረባረብ'ዩ።

ከምኡ'ውን ሰሚናር ኣዲስ ኣበባ ስተራተጂካዊ ፈተውትን ጸላእትን ንምልላይ ይኹን መፍትሒ ኩሉ ጸገማትና ሕድሕድ ዘተን ልዝብን ምዃኑ ምርግጋጹ፡ እዚ ከኣ ንደንበ ተቓውሞ ዝተዓደለ ዓቢ ጸጋን ዕግበትን ክሳብ ዝኾነ፡ በዚ ተማእዚዙ ክሰርሕ ድልውነቱ ብፖሎቲካዊ ውሳኔታት መስራቲ ጉባኤኡ ኣነጺሩ ወጺኡ'ዩ። እዚ ሓባራዊ ዕግበትን ስምምዕን'ዚ ሓደ ካብቲ መትከላዊ መርሆና ክኸውን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ብደረጃ መስራቲ ጉባኤኡ ምቕባሉ፡ እቲ ዛጊት ዝተፈጠረ ምቹእ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ መላእ ህዝብታትናን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ከረጋግጾ ዝኽእል ሓባራዊ መርገጽን ጥሙር ሓይልን ኣብ ግምት ብምእታው ንቃልስና ብዝህልዎ ረብሓ ኣንጻር ብምምዛን'ዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኤደግ ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ንዝዓተሮ ዓወት ኣብ መላእ መሰረታቱን ሓይልታት ደሞክራሲን ተቐባልነት ረኺቡ፡ መሳርዕ ሓይልታት ለውጢ ብዝተነጸረ ራእይ ብምህናጽ፡ ስጡም ናይ ኣራኣእያን ተግባርን ሓድነት ብምርግጋጽ፡ ቃልስና ካብ ደውታ ተናጊፉ ባህርያዊ ኣበርክቶ ንምፍጻም ናብ ዘኽእሎ ብርኪ ንምስግጋሩ እጀትኡ ብምልዓል ዓቲቡ ክቃለስ'ዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ሓባራዊ እምነታት ተሳተፍቲ ሰሚናር ኣዲስ ኣበባ ዝተበጸሑ ስምምዓትን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ብሙሉእ ዕግበት ዝተቐበሎም መትከላዊ እምነታት ግንባርና እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡-

1. ንኤርትራ ንጥፍኣት ገጹ ዝዳርጋ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ እንኮ ተሓታቲ ምዃኑ ምእማን።
2. ኤርትራ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፡ ፍሉይነታት ዘለዋ ሃገር ምዃና ምእማን።

3. ሽግራት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓድነታ ዝሓለወት ደሞክራስያዊ ኤርትራ ጥራይ ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑ ምእማን።
4. ኣብ ወሳንነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን።
5. መፍትሒ ኩሉ ሕድሕድ ሽግራትና ደሞክራስያዊ መንገዲ፡ መሳርሕን መቓለስን ጌርካ ምእማን።
6. ትምክሕትን ጸቢብነትን ኩሉ መልክዓት ጥሩፍነትን ምንጻግ።

## ካብ'ዚ ተወሳኺ ውሳኔታት መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ነዚ ዝስዕብ ይመስል፡-

- ናይቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርዱ ዘለዉ ብሄራውን ሃይማኖታውን ካልኦት ኩሎም ወጽዓታት እንኮ ተሓታቲ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ጥራሕ ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ብኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ነዚ ስርዓት'ዚ ንምውጋድ ክቃለስ ወሲኑ።
- ኣብዚ ዓመት'ዚ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ንምዕዋት ሓደ ካብቶም ቀንዲ ዕምማቱ ምዃኑ ብምእማን፡ ንምዕዋቱ ብኩሉ ዝከኣሎ ክጽዕት ወሲኑ።
- ምስ ኩሉ ክፍልታት ሕ/ሰብና ብሓፈሻ፡ ምስ ምሁራትን ስቪክ ማሕበራትን ከኣ ብፍላይ፡ ብቐረባ እናተዛተየ ዓቕምታት ደንበ ተቓውሞ ተጠርኒፉ ኣድማዒ መታን ክኸውን ተግባራዊ ስጉምትታት ክወስድ ወሲኑ።
- መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ቃልሲ ዝህልዎም ተሳትፎ ንምብርታዕ ዘለዎ ዕዙዝነት ብምእማን፡ ብደረጃ ፈጻሚ ኣካል ዝተሓዝአ ቦታ ክጸንሕ ወሲኑ።
- ብስንኪ ቶታሊታርያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ ምስ ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ፡ ተበላሽዩ ዝጸንሐ ዝምድናታት ንምምሕያሹን ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስን ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ ወሲኑ።
- ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ተወሲኑ ዘሎ ማዕቀብ ንህዝብታትና ከም ዘይጎድእ ብምእማን፡ ዝያዳ ክተርርን ተግባራዊ ክኸውንን ክቃለስ ወሲኑ።
- ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤደግ ተጠሚሮም ዘለዉ ወድባት ተገዛእቲ ናይቲ ዝተበጽሐ ፖሎቲካዊ ውሳኔታትን መደረኻዊ ዕማማትን ክኾኑ ወሲኑ።
- ውሽጣዊ ሰብኣዊ ዓቕምታት ውድባቱ ንምሕያል ዘለዎ ተደላይነት ብምግንዛብ፡ ብኣረኣእያን ተግባርን ኩሉ መዳያዊ ጻዕርታት ክገብር ወሲኑ።
- ኣብ ግንባርና ክሳተፉ ንዝደልዩ ተቓለስቲ ሓይልታት፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ብማዕረ ተሳትፎ ዝቕበል ፍትሓዊ ፖሊሲ ክኽተል ወሲኑ።
- ጉዳይ ሰደተኛታት ኤርትራ ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብ ብቐረባ ክከታተሎን ነቲ እናሓደረ ዝዓቢ ዘሎ ዋሕዚ ሓደስቲ ሰደተኛታት ዓለምለኻዊ ኣቓልቦ ክረኽብ ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ወሲኑ።

መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለጹ መትከላዊ እምነታቱን ፖለቲካዊ ውሳኔታቱን ብሓባራዊ ዕግበት ኣባል ውድባቱ፡ ብሙሉእ ድምጺ ከጽድቖም እንከሎ፡ ኩሉ ግንባራዊ ዓቕምታቱ ብምውህሃድ ንመድረኻዊ ዕላማታቱ ንምዕዋት ብዘኽእሎ ዝተነጸረ ሽቶ'ዩ ኣቐሚጡ። በዚ መሰረት ድማ ንመድረኻዊ ዕላማታቱ ኣብ ክልተ ሽቶታት ብምምቃል፡ ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ሰሪዑ፡ ተግባራዊ መምርሒኡ ክኸውን ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቕዎ።



**ቀዳማይ ሽቶ፡-**

- ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ከቢድ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን፡ ንቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ።

**ካልኣይ ሽቶ፡-**

- ድሕሪ ውድቀት ቶታሊታርያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ግዝያዊ መንግስቲ ብምቛም፡ ብሃገራዊ ኮንፈረስ ኣቢሉ ንኩሎም ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዘሳትፍ መሰጋገሪ መንግስቲ ብምምስራት ብሰላማውን ደሞክራስያውን ኣገባብ ብውሳኔ ህዝብታት ቅዋማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል።

[illegible] ህዝብን ሃገርን [illegible]!!!